## ዕዉት ዓመታዊ ጉባኤ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሽወደን

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 20 ሰነ 2009 ዮንሾፒንግ

ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብቀዳም ዕለት 20 ሰነ 2009 ኣብ ከተማ ዮንሾፒንግ ዝተኻየደ ዓመታዊ ጉባኤ ዕዉት ኮይኑ ወጺኡ። ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ድሕሪ'ቲ ናይ ኣስታት ሸሞንተ ሰዓት ዝወሰደ ሰሚናር ስካንዲናቪያን፡ ብምቅጻል ዓመታዊ ጉባኤ ተኻይዱ።

ስርዒታዊ ጉዳይ ሓላፊ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያን ብጻይ ነጋሲ ሓምደ ንተሳተፍቲ ጉባኤ ዳግማይ ናይ እንቋዕ መጻኹም ሰላምታ ድሕሪ ምትሕልላፍ፡ ፖለቲካውን ስርዒታውን ጸብጻብ ኣቕሪቡ። ኣብ'ዚ ጸብጻብ ኩሉ እቲ ብሰልፊ ህዝቢ ዝተገብረ ንጥፈታት ሓፈሻዊ ምንቅስቓሳት፡ ጉዳይ ስርዒታውን ኩነታት ኣባላት ብብሩህ ኣቕሚጡ።

ቀጺሉ ብናይ ገንዘባዊ ጉዳያት ሓላፊ ኣብ ሽወደን ሙሴ ዓወተ ብጽፉፍን ንጹርን፡ ኩሉ እቲ ገንዘባዊ ጉዳያት ንዝምልከት ንጉባኤ ጸብጻቡ ኣቕሪቡ።

ብድሕሪ'ዚ ክልተ ጸብጻባት፡ ጉባኤ ዝመርሑ ብጻይ ሓይለኣብ ዓንዱ ኣቦ መንበር ፡ ብጻይ ኣንቶንዮ ተስፋይ ጸሓፊ ኮይኖም ተመሪጾም፡ ነቲ ብጉባኤኛታት ንዘይበርሃሎም ክበርህ፡ ዘቕረብዎ ሕቶታት መልሲ ተዋሂብሉ ምስ ኣብቀዐ። ናብ'ቲ ዝተረፈ መደብ ተሰጋጊሩ።

ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሽወደን ንትግባረ ቀዋምን ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ሰልፎም ንምዕዋትን፡ ኣብ'ዚ ዝመጽእ ሓደ ዓመት ክዕመም ዘለዎ ኣገዳሰቲ ጉዳያትን ኣልዒሎም ዘትየምሉ። ምስ ዓቕሚ ሰባትን ግዜ ብዝሰማማዕ ከኣ እቲ ንኸዐውትዎ ዝኽእሉ ናይ ስራሕ ምክፍፋል ክገብሩን፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከኣ እቲ ዝቀረበ ሓሳባትን መደባትን ሓንጺጾም ናይ ስርሑ ኣብ ወረቐት ኣስፊሮም፡ ንትግባረ ክሰርሑ ከም ዘለዎም ወሲኖም።

ዓመታዊ ጉባኤ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ሽወደን ቀጻልነት ሰልፎም ብምድልዳል፡ ኣብ'ቲ ኣንጻር ምልካዊ ህ.ግ.ዲ.ፍ ዘካይዶ ናይ ተቃውሞ ቃልሲ ሓይሉ ንምጉልባትን ዓቕምታቱ ክብ ንምባል ኣብ መስራቲ ጉባኤ ዘሕለፎም ውሳኔታት ኣጥቢቑ ክሰርሕ ከም ቀንዲ ዘልዓሎም ሕቶታት እዞም ዝስዕቡ ነበሩ። ምስ'ቲ ኩሉ ናይ ግዜ ምጽባብ ገደብ ከይተገበረሉ ከኣ ኩሉ ኣባል ሓሳባቱን ርእይቶኡን ከቕርብ ንንድለታት ክነቕፍ፡ ክሳብ ሕጂ ብዞባ ይኹን ብደረጃ ሰልፊ ንዝተዓመሙ ስርሓት ከኣ ደገፉ ገሊጹን ለበዋታቱ ኣመሓላሊፉ።

ኣብ ጉባኤ ዝተዘተየሎም ጉዳያት፡

1. ቀዋምን ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ንምትግባር
2. ገንዘባዊ ዓቕሚ ሰልፊ ምውሓስ
3. ዝምድናታት ተቓወምቲ ሓይልታት ንምሕያል ምስራሕ
4. ንኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ንምሕያል ምስራሕ
5. ተሳትፎ ህዝቢ ንምርግጋጽ

ዓመታዊ ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ሽወደን፡ ነቲ ጽኑዕን ሓቦኛን ውፉይ ስውእ ተጋዳላይ ሃይሉ ክብርኣብ ዝኽሪ ካልኣይ ዓመት መስዋእቲ ኣኽቢሩ። ስውእ ተጋዳላይ ሃይሉ ክብርኣብ ምስ'ቲ ዝሓደሮ ከቢድ ሕማም ደኺመ ሓሚመ ከይበለ ክሳብ ግዜ መስዋእቲ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ፡ ንሓርነት ህዝቡ ዘካየዶ ቃልሲ ዘኪሩ።

ዓመታዊ ጉባኤ ሰልፊ ህዝብ ኤርትራ ሽወደን፡ ህዝብና ዝሓልፎ ዘሎ መጻብቦ ሂወት፡ ኣብ ክሳዱ ዝኣተወቶ መሸንቀቂ ገመድ ክሳብ ትሳሓብ ናይ ግዜ ሕቶ ኮይኑ ዘሎ ሓደገኛ ኩነታት፡ ንህዝቡን ሃገሩን ካብ'ዚ ሓደገኛን

ጸልማት ሂወትን ከገላግል፡ ነቲ ካብ ኩሉ ክርንዓት ክፍሊ ታዕሊም፡ ድፍዓትን ናይ ባርነት ወፍሪ ስርሓት፡ ነፍሱ ንምድሓን እግሩ ናብ ዝመርሓቶ ዝጠፍአ ዘሎ መንእሰይ ኤርትራ ኩነታት ንምዕጋት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኤርትራ ሓንቲ ህዝባ ቀሲኑ ብሰላም ዝነብረላ ሃገር ንምህናጽ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ፡ ብልዑል ተጸዋርነት፡ ግሉጽነት ብምክብባርን፡ ብኡ ኣቢሉ ንዘዕቁቦም ዝምድናታትን ሓድነትን ከኣ ብኽብሪ ክናብዮን፡ ኣብ ክሊ ሰፊሕ ደምበ ተቃውሞ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ'ዚ ሎሚ ተፈጺሙ ዘሎ ሓድነታዊ ምትሕንፋጽ ኣብ መንጎ ዲ.ም.ጋ.ሰን፡ ሰ.ህ.ኤ ብዓብይ ሓላፍነት ዝግባእ ሓድነት ዋጋ ዝመጣጠን ናህሪ ቃልሱ ከቐላጥፍ ዝከኣሎ ዘበለ ኩሉ ክገብር መብጽዓ ኣትዩ።

ኣብ መወዳእታ ብመሰረት ውሳኔ መስራቲ ጉባኤ እቲ ንሽዱሽተ ወርሒ ድሕሪ ምምስራት ጉጅለ መደብ ምምስራት ጨንፈር ግዜኡ ኣኺሉ ብምንባሩ ኣብ ሽወደን ክልተ ጨንፈራት መስሪቱ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፈን ጨንፈራት መራሕቲ መሪጹ፡ ጉጅለታቱ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ጨንፈራት ሰሪዑ ኣብ ስራሕ ክዋፈር ነቲ ዝተመደበሉ ስርሓት ክተግብር፡ መራሕቲ ክልቲኤን ጨንፈራት ሓላፍነቶም ክወስዱ ገይሩ።

ውሳኔታት

1. ገንዘባዊ ዓቕሚ ሰልፊ ክሕይል ወፈያታቱ ከበርክት
2. ደምበ ተቃውሞ ብፍላይ ኤ.ዲ.ኪ ንምሕያል ክሰርሕ
3. ዝምድናታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሲቪል ማሕበራት ክድልድል ክሰርሕ
4. ሓባርዊ ፌስቲቫ ስ.ዲ.ኤን ሰ.ህ.ኤ ነሓሰ 2009 ዕዉት ኮይኑ ክወጽእ ደገፋቱ ከበርክት

ቀዳማይ ዓመታዊ ጉባኤ
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ጨንፈር ሽወደን
20 ሰነ 2009
ዮንሾፒንግ ሽወደን